ዕለት፡- 04 ለካቲ 2024 ዓ.ም.

# ሰውራዊ ናይ ሕራነን ቃልስን ናይ ዝኽሪ መልእኽቲ፡-

ብጻይ ገብረብርሃን ዘርአ ወልደቡሩኽ፡ ካብ'ቶም ኣዚና ንፈትዎም መራሕትና ሓደ፡ ኣቦ መንበር ውድብና ደምሓኤ እዩ ነይሩ። እዚ ዉፉይን ጅግናን መራሒና፡ ናይ ኣዲስ-ኣበባ ዩኒቨርስቲ ትምህርቱ ጠንጢኑ፡ ኣብ ዕድመ ንእስነቱ፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት ኪጋደል፡ ብ1972 ዓ.ም. ናብ ተሓኤ-ጀብሃ ዚተጸምበረ ተጋዳይ እዩ ነይሩ። ኣብ ተሓኤ-ጀብሃ፡ ካብ ተራ ተጋዳላይ ክሳብ ናይ ቁ.8 (ምዕራባዊ ሸነኽ ኣውራጃ ሓማሴን) ናይ ጸጥታ ሓላፊ ኮይኑ ዚተጋደለ እዩ።

ጅግና መራሒና ብ/ወዲ ዘርአ፡ ናይ ተቓላሳይ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ናይ ተጋዳላይ ድማ ብፍላይ፡ ሰብኣውን ዲሞክራስያውን መሰላት ምኽባር፡ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘየእትዎ፡ ጽኑዕ መትከላዊ እምነቱ ነይሩ። ብተወሳኺ፡ ተሓኤ- ጀብሃ ይኹን ህግሓኤ፡ ኣብ ሕቶ ሃገራዊ ነጻነት ሰሚሮም፡ ክቃለሱ ዝጽውዕ ናይ ህዝብና ብሓፈሻ፡ ናይ ተጋደልቲ ተሓኤ ጭርሖ ድማ ብፍላይ፡ መሪሕ ክይኖም ካብ ዝቃለሱ ዝነበሩ፡ ላዕለዎት ካድራት ተሓኤ ጀብሃ ነበረ። ኣብ ጉዕዞ፡ ኣብ ውሽጢ ተሓኤ-ጀብሃ፡ እቲ ንዲሞክራስያዊ ምዕራይ ካብ ዝቃለስ ሸነኽ፡ ብስም ማገ ዝፍለጥ ውድብ፡ ኣብ ምቛምን ምምራሕን ልዑል ተርኡ ዝተጻወተ ዲሞክራስያዊ ተጋዳላይ ነበረ።

ጅግና መራሒና ብ/ገብረብርሃን ዘርአ ወልደቡሩኽ፡ ንተሓኤ ጀብሃ ንምዕራይ፡ ሓያል ዝኾነ ውሽጣዊ ቃልሲ ኣብ ዝካየደሉ ዝነበረ እዋን 1977 ዓ.ም. ብሽም ፋሉል ተጠርጢሩ፡ ኣብ ቀይዲ ካብ ዝውዕል ጀሚሩ፡ ኣብ መስርሕ ምርመራ፡ ከቢድ ማህረምቲ ዝወረዶ፡ ኣብ ሑቑኡ ርኡይ ስንብራት ዝዓረፎ፡ ኣብ መትከላዊ እምነቱ ዘይዕጻፍ ተጋዳላይን መራሕን ነበረ። ኣብ ውሽጢ ቤት ማእሰርቲ እናሃለዉ ብኣወንታ ምስ ዝጸለዉዎም መራሕቲ ጋንታን ተጋደልትን ተዋዲዶም፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ተሓኤ ጀብሃ ከምልጡ ዕድል ረኺቡ። እቲ እዋን'ቲ፡ መሪሕነታት ህግሓኤን ህወሓትን፡ ሓይሎም ኣዋሃሂዶም፡ ኣብ ልዕሊ ተሓኤ-ጀብሃል ወታሃደራዊ መጥቃዕቲ እናፈጸሙ፡ ናብ ሱዳን ገጻ ኣብ እተንሳሕበሉ እዋን ነበረ።

ኣብ ሃገረ ሱዳን፡ ተረፍ ናይ'ቲ ብሽም ፋሉል፡ ካብ ማህረምትን ማእሰርትን ዘምለጠ ተጋዳይን መራሕቱን፡ ኣባላት ዲሞክራስያዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ትሕቲ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ(ኤደም-EDM) ተጠርኒፎም ዝቃለሰሉ እዋን ነይሩ። ጅግና መራሒና ብጻይ ገብረብርሃን ዘርኣን ብጾቱን፡ ናይ'ዚ ምንቅስቓስ ላዕለዎት መራሕቲ ኮይኖም፡ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ(ደምሓኤ) ኣብ ምቛምን ምምራሕን፡ ልሉይ ተራ ካብ ዝተጻወቱ መራሕቲ ሓደ ነበረ፡፡

ኣብ ሃገረ ሱዳን፡ ኣብ መወዳእታ ሰብዓታትን መጀመርታ ሰማንያታትን፡ ኣብ ልዕሊ ኣባላት ደምክራስያዊ ምንቅስቓስ ብሓፈሻ፡ ኣብ ልዕሊ ካድራትን መራሕትን ናይ'ቲ ምንቅስቓስ ድማ ብፍላይ፡ ዓበይቲ ጸገማት የጋጥሞም ነበረ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ድማ፡ ብዙሓት ተጋደልትን ካድራትን፡ ካብ ሱዳን ለቒቆም ናብ ሃገራት ምዕራብ፡ ብበዝሒ ዝተሰደዱሉ እዋን እዩ ነይሩ።

ካብ መራሕትን ካድራትን ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓደ ዝኾነ፡ ብጻይ ገብረብርሃን ዘርአ፡ ዝላዓለ ሓላፍነት ተሸኪሙ፣ ጸገማት ተጻዊሩ፣ ንደምሓኤ ኣብ ምምራሕ፡ ንሙሉእ ጊዜኡ ኪጋደል ዝወሰነን ዝመርሐን ተባዕ መራሒና ነበረ።

ካብ 1988 ዓ.ም. ጀሚሩ፡ ምስ መሪሕነት ህወሓት ብዝተኻየደ ዘተን፡ ዝተበጽሐ ምርድዳእን፡ ብሓራ መሬት ትግራይ ኣቢሉ፡ ኤርትራ ማእከል ዝገበረ፡ ፖለቲካዊ፣ ውድባውን ዕጥቃውን ተጋድሎ ንምክያድ ወሲኑ፡ ውድቡ መሪሑ ናብ ሜዳ ዝወረደ ተጋዳላይን መራሕን እዩ ዝነበረ።

ጅግና መራሒና ብጻይ ገብረብርሃን ዘርኤ፡ ምስ ብጾቱ ኮይኑ፡ ኣብ ሞንጎ ሃገራውያን ሓይልታት ኤርትራ፡ ዝካየድ ዝነበረ ኲናት ሕድሕድ፡ ብትሪ ብምቅዋም፡ ምእንቲ ሃገራዊ ነጻነት፡ ሓቢርካን ተዋሃሂድካን ትቃለሰሉ ኩነታት ንምፍጣር፡ ክሳብ መወዳእታ ጸኒዑ ዝተቓለሰ መራሒ እዩ ነይሩ።

መሪሕነት ህግሓኤ፡ "**<u>ሜዳ ኤርትራ ካብ ሓደ ውድብን ሓደ መሪሕነትን ንላዕሊ ኣይጸውርን እዩ</u>**" ዝብል እዉጅ ፖሊሲ ሓንጺጹ፡ ሃገራውያን ውድባትን መራሕተንን ከሕቅቕን ክቕንጽልን፡ ላዕልን ታሕትን ኣብ ዝብለሉ ዝነበረ እዋን፡ ጅግና መራሒና ወዲ ዘርአ፡ ዝመርሖ ውድብ ደምሓኤ ግን፡ "**<u>ብሰንኪ ኲናት ሕድሕድ ሓንቲ ንጣብ ደም ተጋዳላይ ኤርትራዊ ክትፈስስ የብላን</u>**" ዝብል ጽኑዕ ፖሊሲ ተኸቲሉ፡ ኣብ'ቲ ናብ ኤርትራ ዝካየድ ምንቅስቓስ፡ ምስ ሰራዊት ህግሓኤ፡ ናብ ዘየድሊ ግጭት ከየምርሕ፡ ዝላዓለ ጥንቃቀ ክግበር ዝመከር ዝነበረ፡ ዲሞክራስያዊ መራሒና እዩ ነይሩ።

ጅግና መራሒና ብጻይ ገብረብርሃን ዘርአ፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሓኤ ጀብሃ፡ ዝወረዶ ማህረምቲ፡ "**<u>ኣብ ቃልሲ ዘጋጥምን፡ ንዝኣምኑሉ ዕላማ ንምክልኻልን ንምሕላውን ክብሉ ዝፈጸሙዎ'ምበር፡ ካብ ውልቃዊ ቂምን ቅርሕንትን ዝነቅል ኣይነበረን</u>**" ብምባል፡ ምስ'ቶም ኣብ ምቕጥቃጡ ዝመርሑ ዝነበሩ ላዕለዎት ሓለፍቲ ተሓኤ ነበር፡ ጥቡቕ ዝምድና ብምምስራት፡ ንምሕዝነትን ሓድነትን ሓይልታት ሰውራ፡ ከይተሓለለ ዝቃለስ ዝነበረ ምቕሉልን ለባምን ኣብነታዊ መራሒና ነይሩ።

ብጻይ ገብረብርሃን ዘርአ ወልደብሩኽ፡ ውድብና ደምሓኤ፡ ኣብ 4ይ ውድባዊ ጉባኤኡ፡ ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ንምድምሳስ፡ ብዕጥቃዊ ኣገባብ ቃልሲ ክንጋደል ከምዘለና ምስ ወሰነ፡ ምቅሊት-ዕዮ ተቐቢሉ፡ ጉጅለ መሪሑ ብሸነኽ ሑመራ፡ ንመጽናዕቲ ተዋፊረ። ዕጥቃዊ ተጋድሎና ንምጅማር፡ ዝሓሸ ክኸውን ይኽእል እዩ ተባሂሉ ዝተገመተ፡ ብላዕላይ ጋሽ ሸነኽ ኣንቶረን ከባቢኡን ነበረ። ጅግናን ተባዕን መራሒና ብጻይ ወዲ ዘርአ፡ ናይ ዓይኑ ድርቀት ተጻዊሩ፡ ክረምቲ 1996 ዓ.ም. ጉጅለ መሪሑ ዝተዋፈረ ዉፉይ ኣብነታዊ መራሒ እዩ ነይሩ።

ብ31 ነሓሰ 1996 ናይ ምሸት፡ ናብ ሓንቲ ሕሙም "ተጋዳላይ" ዝገደፉላ ቁሸት/ዓዲ፡ ተመሊሶም ባሕቲ መስከረም ብሓባር ከብዕሉ እናተጸገዑ እንከለዉ፡ ነታ ብጻይ ገብረብርሃን ዝመርሓ ጉጅለ፡ ንምጭፍላቕ ኣድብዩ ዝከታተልን ዝነበረ፡ ኣሃዱ ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብሓድጊ ሰማይ፡ ጉምብሕ ጉምብሕ እናበሉ ክንቀሳቀሱ ስለዝረኣዩዎም፡ ንስክላ ከምልጡ ዕድል ረኸቡ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ደሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራን ዲሞክራስያዊ ሒይሊ ህዝብታት ኤርትራን፡ ኪተሓናፈጹ ወሲኖም፡ ኣብ ቅድመ ምድላው ዝነበሩሉ እዋን ነበረ። በቲ ካልእ መዳይ ድማ፡ ኣቦ-መንበር ውድብና ብጻይ ወዲ ዘርአ፡ እታ ናብ መጽናዕቲ ሒዙዋ ዝወፈረ ጉጅለ፡ ሓይሊ ሰባ እናጎደለ ብምኻዱ ብሓደ ወገን፡ መጽናዕቲ ኣጠቓሊሉ ዕጥቃዊ ቃልሲ ንምጅማር ዘኽእል ኩነታት ተፈጢሩ ኢሉ ስለዝገምገመ ድማ በቲ ካልእ ወገን፡ ምስ ጅግና መራሒና ብጻይ ዘካርያስ ንጉስ፡ ተደዊዋሉ ሓይሊ ሰብ ክውሰኾ ንምሕባር፡ ናብ ከተማ ሽረ ደየበ። ይኹን'ምበር፡ ጅግና መራሒና ብጻይ ዘካርያስ ንጉሰ ብሂወት ኣይነበረን። ኣብ'ታ፡ ንብጻይ ወዲ ዘርአን ኣሃዱኡን፡ ንምጭፍላቕ  ፍሹል ትልሚ ዝሓዙላ ምሸት፡ ኣብ ከተማ ደሴ፡ ሰዓት 7.00 ናይ ምሸት፡  ብጉጅለ ቅንጸላ ስርዓት ፋሽስታዊ  ኢሳያስ፡ ብግፍዓዊ ኣገባብ

ተቐንጺሉ፡ ብመስዋእቲ ሓሊፉ ነበረ። ስለዚ ብጻይ ወዲ ዘርአ፡ ነቲ ዘጋጠመ ሓድሽ ኩነታት፡ ብምግምጋም፡ ውድብ ብምርግጋእ፡ ኣቐዲሞም ዘተታሕዙ መደባት፡ ዝፍጸሙሉ ወፍሪ ከካይድ ግድን ስለነበረ ጉዕዞኡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ቀጸለ።

እቲ ድሮ ብስዉእ መራሒና ብጻይ ዘካርያስ ንጉስ፡ ናይ ቀረባ ምክትታልን ብቐዕ ኣማራርሓን፡ ኣብ መስርሕ ቅድመ ምድላው ዝነበረ ናይ ምትሕንፋጽ መደብ፡ ንምዕዋት፡ ምስ'ቶም ኣብ ዞባ ምዕራብ ትግራይን ሃገረ ሱዳንን ዝነበሩ፡ ኣባላት መሪሕነትን ካድራትን፡ ደምሓኤን ደሓህኤን ክራኸብ፡ ኣብ መወዳእታ ወርሒ ጥሪ 1997 ዓ.ም. ናብ ከተማ ሑሞራ ወፈረ።

እቲ እዋን'ቲ፡ ኣዝዩ ሕማቕ እዋን ነበረ። ይትረፍዶ ኣብ ከባቢ ዶብ፡ ኣብ ማእከል ከተማታት ኢትዮጵያ'ውን፡ መሓውራት ስለላን ቅንጸላን ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ፡ ብጻዕቂ ዝንቀሳቐሱሉ እዋን ነበረ። ጅግናን ዉፉይን መራሒና ብጻይ ገብረብርሃን ዘርአ፡ ናብ ከተማ ሑሞራ ክንቀሳቐስ እንከሎ፡ ንመሪሕነት ወድባትናን ካድራትናን ኣስጋኢ ዝኾነሉ ኩነታት ነበረ። ግን ከኣ፡ ነቲ ተሓንጺጹ ዝነበረ ናይ ምትሕንፋጽ መደብ ንምዕዋት፡ ጥንቃቐ ጌርካ ካብ ምውፋር ወጻኢ፡ ካልእ ምርጫ ኣይተራኣየን።

እምበኣርከስ፡ እቲ ክንስከፈሉ ዝጸናሕና፡ ነቲ ጅግናን ኣብ መስመራዊ እምነቱ ጽኑዕ፣ ኣብ ህዝቡ ዓሚቕ ፍቕርን ሓልዮትን ዝነበሮ በሊሕ ተጋዳላይን መራሒናን፡ ኣብ ሓደጋ መጭወይቲ፡ ስለላን ቅንጸላን ፋሽስታዊ ጉጅለ ኢሳያስ ዝወደቐ፡ ኣብ'ዛ ዕለት'ዚኣ እዩ። ብ04 ለካቲት 1997 ዓ.ም.ቀትሪ ምድሪ።

ኣፈጻጽማ ናይ'ዚ መጭወይቲ ዝተጸንዐን፡ ኣብ ሓጸርቲ ማዓልታት ዝተዋደደን ምዃኑ ምግንዛብ ይከኣል እዩ። ላዕለዎት መራሕቲ ደምሓኤ፡ ብውድባዊ ስራሓት ምኽንያት፡ ከምዝንቀሳቐሱ ዝፈልጥ፡ ብሽም ኣባል ደምሓኤ ተወዲቡ ዝነበረ፡ ኣቶ ፍስሃየ ሓድጉ ዝባሃል ነባሪ ከተማ ሑሞራ ነይሩ። ብ1996 ዕጥቃዊ ቃልሲ ዝጅመረሉ ኩነታት ንምጽናዕ፡ ጅግናን ዉፉይን መራሒና ብ/ ወዲ ዘርአ፡ ናብ ሑሞራ ኣብ ዝተዋፈረሉ እዋን፡ ምስ ኣቶ ፍስሃየ ሓድጉ፡ ተራኺቡ ዘትዩን ነይሩ። ፍስሃየ ሓድጉ(ወዲ ሓድጉ)፡ ካብ ባድመ ንታሕቲ፡ ናብ ጋሽ ዘሎ መሬት ኤርትራ ይፈልጦ ነበረ። ስለዚ ምስ ብጻይ ወዲ ዘርአ፡ ደሓን ሌላ ነበረቶም።

ምንቅስቓስ ላዕለዎት መራሕቲ ደምሓኤ ናብ'ቲ ከባቢ፡ ሰለላን ጸጥታን ስርዓት ኢሳያስ ፈሊጡዎ ስለዝነበረ፡ ክጥቀመላ ዝኽእለሉ ኩነታት ከጣጥሕ ከምዝጸንሐ፡ ዝተወሰኑ ምልክታት ነይሮም እዮም። ግን ከኣ፡ ንጅግና መራሒና ብጻይ ወዲ ዘርአ፡ ኣብ ልዕሊ ፍስሃየ ሓድጉ ዘሕደሮ እምነት፡ ኣብ ሕቶ ዘእትዎ ኣይነበረን። እምበኣርከስ፡ ኣቶ ፍስሃየ ሓድጉ፡ ነታ ምስ መራሒና ብ/ወዲ ዘርአ ዝመስረታ ዝምድና መዝሚዙ፡ ቀትሪ ምድሪ፡ ኣብ ከባቢኡ ዝነበሩ ብጾት፡ ብስራሕ ምስ ተዋፈሩ፡ **"ቡን ክንሰቲ ናብ ገዛና ንኺድ""** ብምባል'ዩ ዝወሰዶ። ኣብ ከባቢ ገዝኡ ተዳልዮም ዝነበሩ፡ ኣባላት ናይ ዓፈና ጉጅለ፡ ነቲ ጅግናን ዉፉይን መራሒና፡ ብጻይ ገብረብርሃን ዘርአ መሪዞም፡ ኣብ ቶየታ ላንድ-ክሮዘር ዓሺጎም ናብ ኦምሓጀር ምስ ኣስገሩዎ፡ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ደሃዩ ኣይተፈለጠን።

ብሽም ኣባል ደምሓኤ ተወዲቡ ዝነበረ ፍስሃየ ሓድጉ፡ ብስርዓት ኢሳያስ ተዓሲቡ ጸኒሑ፡ ንጅግና መራሒና ከጭወ ምስ ገበረ፡ ብእግሩ ሩባ ተከዘ ቆሪጹ ናብ ኦምሓጀር ከምዝሰገረ ተፈሊጡ እዩ። ባዓልቲ ቤቱ ንፍስሃየ ሓድጉ፡ በቲ ኣብ ገዝኦም ዝተፈጸመ ገበን፡ ክትሕተት ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ፖሊስ ሑሞራ ኣትያ'ኳ እንተነበረት፡ ህግደፋውያን ተጻይዮም፡ ብ20 ሺሕ ብር ዋሕስ፡ ካብ ቤት ማእሰርቲ ምስ ኣውጽኡዋ፡ ምስ ደቃ ናብ ኦምሓጀር ኣስገሩዋ። ፍስሃየ ሓድጉ፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ብሂወት የለን።

ነቲ ናይ ጭውያ ስርሒት ብላዕለዋይነት ዝመርሖ ዝነበረ፡ ሓደ ኮረኔል፡ ኩነታት ከጽንዕ ኢሉ ናብ ከተማ ሑሞራ ምስ ተመለሰ፡ ኣብ ቀይዲ ውዒሉ፡ ክሳብ እዋን ወራር ግንቦት 1998፡ ኣብ ጽኑዕ ቤት ማእሰርቲ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣበይ ምህላዉ ሃለዋቱ ኣይፍለጥን። ፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስ ግን፡ ኣብ'ቲ ዘካየዶ ወራር ባድመ፡ "**<u>ብጅግንነት ተሰዊኡ</u>**" ብምባል ንስድራ ቤቱ ከምዘርድኦም ይፍለጥ እዩ።

'**<u>ጅግና ኣይነብርን ታሪኹ እዩ ዝውረስ!</u>**' ዝብል ልሙድ ሰውራዊ ኣበሃህላ ኣሎ። መጭወይቲ ጅግና፣ ዉፉይን መቕሉልን መራሒና ብጻይ ገብረብርሃን ዘርኣ፡ ንቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ንውድብና ደምሓኤን መስርሕ ምትሕንፋጻዊ ሓድነትና ድማ ብፍላይ፡ ከቢድ ስንብራት ኣዕሪፉ ዝሓለፈ፡ ብጣዕሚ ከቢድ ኪሳራ እዩ። ካብ ዝጭወ ክሳብ ሎሚ፡ ደሃዩ ዘይፈለጡ ስድራ ቤቱ ድማ፡ ከቢድ ጓህን ስቅያትን የሕልፉ ምህላዎም ስለንግዘብ፡ ኣኻእሎ ክረኽቡ ናይ ወትሩ ጸሎትና እዩ። ንሕና ከም ተቓለስቲ፡ ካብ ጅግና መራሒና ዝወረስናዮምን፡ ብዘይ ምሕላል ናይ ቃልሲ ስንቅና ክንገብሮም እንኽእል፡ ሰውራዊ ጸጋታት ስለዝሓደገልና፡ ወትሩ ቃልና ኣጽኒዕና ቃልስና ክንቅጽል ኢና፤ ኣሰር ርጋጹ ክንረግጽ ኢና። ተዓወቲ ኢና።

ውቀትን ፍሽለትን ንፋሽስታዊ ስርዓት ኢሳያስን፡ ንኸብዶም ዝሓድሩ ዕሱባትን!!

ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ሰማእታትናን፡ ብመጭወይቲ ዕድሚኦም ሙሉእ ዝበልዩ ዘሎዉ ተቓለስትን!!

**ብርሃነ የማነ(ሃንጀማ)**

ካብ ትግራይ፡